# Going back to the future

## መጻኢ ጉዕዞ ናብ ዘበነ ኣርባዓታት !!

*ሰላም ኪዳነ ኣብ ዝሓለፈ ጊዜ ንየሰፍ ገብሪሂወት ኣብ ዝገብረትሉ ቃለ መሕተት፡ ስለምንታይ ኢካ ኩሉ ግዜ ተጻራሪ (Contravential) ሪእቶ ዘለካ ዝብል ሕቶ ምስ ኣቕረበትሉ ?? ''እቲ ኣዚዩ ጹቡቕ ኣብ ጊዜ ሃይለስላሰ ዝነብረ ህይወት እንታይ ኮይኑ ዘይረኤዮም ዘሎ ኢየ ዝብል፣ ክብል መሊሱላ።*




**የሰፍ ገብሪሂወት ክምዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኣብ ግዜ ሃይለሰላሰ መሕነቐቲ ከምዝነበረ ኣይረኤየካን ዲዩ ነይሩ??**

**<u>ብዓይኒ የሰፍ ገብሪወት ኣብ ግዜ ሃይለስላሰ እቲ ዝሓሸ ናብራን ምሕደራን ኢዩ ነይሩ ይብል!!!</u>**

የሰፍ ገብሪሂወት ብዕለት 3 ለካቲት 2021 ዕዱም ጋሻ ናይ ሰላም ኪዳነ፡ ኣብቲሕቲ ''*እዋናዊ ጉዳያት ኤርትራን ትግራይን ዝብል ኣርእስቲ*'' ቀሪቡ ዝሃቦ መግለጺ፡ ነቲ ፍልስፍና ናቱ ''*እንታይ ኮይኑ ዘይረኤዮም ዘሎ ኢየ ዝብል*''፡ ክብል ዝመለሶ ንሰላም ኪዳነ: ገለ ካብተን ኣገደስቲ ነጥብታት ኣልዒልና ክንድህሰሰ ምናልባት ዘይረኤ እንተራኣና፡ ወይ ድማ እቲ ንሕና ንሪኦ እሱ ዘይረኤዮ እንተ ኮይኑ፡ *እንታይ ኮይኑ ዘይረኤዮ ዘሎ ክንብል ውን ናይ ግድን ኢዩ።* ሰለዚ ካብተን ኣገደስቲ ነጥብታት የሰፍ ገብሪሂወት፡ዘልዓለን ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን፡ ሃይለስላሰ፡ ስርዓት ህግደፍን ኣዋዳዲሩ እቲ መግዛእቲ ናይ ሃይለሰላሰ ፈጺሙ መዳርግቲ ዘይብሉ ዝሓሸን ዝበለጸን ሙቑእ ናብራ ከምዝነበረ ይገልጽ፡ ክም ኣብነት ዝጠቀሳ ኣስመራ ከተማን ብሃይለስላሰ ዝተሰርሐ ኢንዳስትሪስ (Industries). ኢየን።

ዮሰፍ ገብሪሂወት፡ ንሙኻኑ ኣየኖት ፋብሪካታት ኢዩ ሃይለስላሰ ኣብ ኣስመራ ዝሰረሔን ክህልዋ እንተኾይነን ድማ በቶም ኤርትራውያን ዝተሰረሓ ጥራይ ኢየን ክኾና ዝኽእላ። ስርዓት ሃይለ ስላሰ ብኣንጻሩ እካ ድአ ካብተን ሓደሽቲ ዝተሰርሓ ንላዕሊ ብዙሓት ፋብሪካታት ካብ ኣስመራ ናብ ኣዲስ ኣበባ ከምዘሰጋገረን ኢዩ ዝፍለጥ። ብሓፈሽኡ ስርዓት ሃይለስላሰ ኑቶም ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝብሉ ደቀባት መሪር መግዛእቲ ኢዩ፡ ሂወት ኤርትራ ድማ በቶም ውሑዳት ኣንድነታውያን ሙቹእ ናብራ ኣብ ኣሰመራ ዝነብሩ ዝነበሩ ኣይኮነን ዝግለጽ። ክምቲ እስካ ትገልጾ ዘይኮነስ፡ ሃይለስላሰ ኣብ  ኣስመራ እንተኾነ እውን እንታይ ገይሩ እንተበልካኒ፡ ነቲ (ፓርላማ) ናይ ኤርትራ ኣፍሪሰዎ፡ ነቲ ፈደረሽን ኣፍሪሱ ኤርትራ ሓንቲ ጠቅላይ ግዛት ናይ ኤትዮጲያ ኢያ ብምባል ምስ ኢትዮጲያ ጽንቢሩዋ፡ በቲ ፈላሊካ ግዛእ ዝብል መምርሒኡ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ብሃማኖት ብዓለት ብኣውራጃ ፈላልዩ ነንሕድሕዱ ከምዝናቆትን ከምዘይተኣማመን ገይሩ ኢዩ። ዮሰፍ ገብሪሂወት፡ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ ምንም ሓገዝ ዘድልዮም ኣይኮኑን። እቲ ሓቂ ኤርትራውያን ኣብቲ ግዜ ኣብ ኩሉ መዳይ ብቅዓትን ተሞክሮን ዝውንኑ ስለዝነበሩ፡ ከምኣብነት ክጥቀስ ዝካኣል ኤርትራውያን ኣብ ናይ ስዑዲ ዓረቢያ ኣየርፎስ ተኽኒሽን ቶቀጺሮም ዘመሓድሩ ዝነበሩ ኢዮም። ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያውያን ውን እንተኮነ ኣብ ኩሉ መዳያት ጸብለልትነት ዝነበሮም ኢዮም። ክሳብ እውን ኣብ ውድድር ዋንጫ ኣፍሪቃ ኢትዮጵያ ብክዕሶ እግሪ ክትስዕር ዘብቅዑዋ ዝነበሩ መብዛሕትኦም ተጻወቲ ኩዑሶ ኤርትራውያን ኢዮም ነይሮም። ስለዚ ሃይለስላሰ ይኩን መንግስቲ ኢትዮጵያ ግደፍ ዶ ንኤርትራ ከማዕብሉስ ነታ ዋና ከተምኦም ኣዲስ ኣበባ ካብ እከይ ጨናን ጨፈቅፈቅን ክማዕብልዋ ብቅዓት ኣይነበሮምን።

ዮሰፍ ገብሪሂወት፡ ብርግጽ ኩሉ ግዜ ኣብቲሕቲ ዝኮነ መግዛእቲ ተጠቀምቲ ክህሉዉ ባህርያዊ ኢዩ። ኣንድነታውያን ተጠቀምቲ ናይ ሃይለስላሰ ምንብሮም ዘጠራጥር ኣይኮነን። ምክንያቱ ሃይለስለሰ ንመግዛእቲ ክጥዕሞ ፈላሊዩ ይገዝኣና ነይሩ። ሃይለስላሰ ነቲ ፈትዩ  ወይ ነቲ ጸሊኡ ዘይኮነስ፡ መሰረታዊ ዕላምኡ ህዝባ ዘይኮነስ መረታን ባሕራን ምውናን ኢዩ። እንተዘይኮነ ህዝባ ኣየድልየናን ኢዩ ዝብል ዕላማ ስለ ዝነበሮ። ነዚ ዕላምኡ ንምዕዋት እቶም ቀዳሞት ኣንድነታውያን ኣብ ግዜ ሃይለስላሰ ዝነበሩ ነቲ ኩሉ ግፍዕታት ብቀጥታን ተዘዋዋሪን ኣብ ምፍጻሙ ዓብይ ተራ ነይርዎም ኢዩ። ክም ኣብነት ኑቶም ሃግራውያን ዝኮኑ ክም ዓብዱልቃድር ከቢረ ኣቦ ወንበር ኤርትራ ን ኤርትራውያን ብጉዳይ ሃገሩ ናብ ሑቡራት መንግስትታት እንዳ ከደ ዝረሸንዎ ኣንድነታውያን ኢዮም።

ዮሰፍ ገብሪሂወት፡ እቶም ኣንድነታውያን ናይ ብሓቂ እቲ ዝበለጸ ናብራ፡ ገንዘብ ከፊልካ ዘይትረኽቦ ናብራ የሕልፉ ነይሮም ኢዮም፡ ደቆም እንተኮነ ዝበለጸ ትምህርትን ምቾትን ብፍላይ ንወጻኢ ከይዶም ክማሃሩ ዓብይ ዕድል ኢዩ ነይርዎም።  በንጻሩ ከኣ፣ እቶም ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝብሉ ኑቶም ኣንድነታውያን ዝዋሃብ ዝነበረ ረብሓታት ስለዝተነፈጉን ኩሉ ረብሓታቶም ገዲፎም ንሃገሮም ይቃለሱን ይሰዉኡን ነይሮም። እቲ ክም ኣብነት ዝገለጽካዮ ናብራ ናይ ከተማ ኣስመራ ናይ ኩሎም ኤርትርውያን ዝነብርዎ ዝነበሩ ሂዎት ኣይኮነን። ካልእ ውን እቶም ኣንድነታውያን ካብቶም ኤርትራውያን ዝተዘመታ ከብቲ ካብረቶ ገይሮም ክበልዑ እንኮለዉ፡ እቶም ዝተረፉ ዝበዝሑ ኤርትራውያን ግን ካብተን ጥሪቶም ካብረቶ ክበልዑ ወይ ምቹእ ናብራ ከሕልፉ ይትረፍሲ  እቲ ዝኸፍኤ ኣስካሕካሒን ጅምላውን መቅተልትን ግፍዕን ኣብ ልዕሊኦም ዝካየድ ኢዩ ነይሩ። እዘን  ኣብታሕቲ ተጠቂሰን ዘለዋ ዓድታት ገለ ውሑድ

ጭላፍ ካብ ባሕሪ ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዕታትን ግህሰታትን ከም ኣብነት ምጥቃስ ይካ'ል።

1) ብ ዕለት 24 ሓምለ 1967 ኣብ መሬት **ሃዘሞ** 172 ሰባት ኣብ ተፈላለይ ዓድታት ኣብ ቅድሚ ኣንስቶምን ኣቀሉያምን ገሊኦም ክርሽኑ እንኮልዉ ገሊኦም ብሳንጃ ሓሪዶሞም። ነተን ዓድታት ኣቃጺሎም ነተን ጥሪቶም ዝተወሰዳ ከብቲ ኣብ መንደፈራ ንሓንቲ ከብቲ ብሓንቲ ቅርሺ ይሸየጣ ነይረን ኢየን።

2) ኣብ መጨረሻ 1967 ኣብ **ኣቅርደት** (50) ሰባት ምስ ጀብሃ ርኽብ ኣለኩም ኢሎም ዝጠርጠርዎም ኣብ ማእከል ከተማ ሓኒቆሞም። 3) ብ ዕለት 17 ጥሪ 1970 ኣብ **ዒላ-በርዒት** (60) ኣቦታት ተቀቲሎም። 4) ብዕለት 30 ሕዳር 1970 ኣብ **በስከደሪያ** (120)ሰባት ተቅቲሎም። 5) ብ ዕለት 01 ታሕሳስ 1970 ኣብ **ዖና፡** ንምልእቲ ዓዲ ከቢቦም (800) ሰላማዊ ህዝቢ ቀቲሎም። 6) ብዕለት 06 ነሓሰ 1970 ኣብ **ምስያም** (ደምበላስ ሰራየ) ኣርባዓን ትሻዓተን (49) ቆልዕን ኣንስትን ዝርከብዎም ብኮማንድስ ተሓሪዶም። 7) ብ ዕለት 10 ሓምለ 1974 ኣብ **ኦምና ሓጀር** (170) ሰብ ተቀቲሎም። 8) ብ ዕለት 1971 ኣብ ከተማ **ከረን** (70) መንእሰያትን ተማሃሮ ን ጀብሃ ትድግፉ ኢሎም ሓንቀሞም። 9) ብ ዕለት 28 ታሕሳስ 1974 ኣብ **ኣስመራ** (45) ተማሃሮ ብናይ ቢያኖ ስልኪ ግይሮም ሓኒቆሞ።10) ብዕለት 14 ለካቲት 1975 **ከባቢ ኣስመራ** ድሕሪ ህዝባዊ ግንባር መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኢቶጲያ ምክያድ፡ (331) ሰለማውያን ህዝቢ ተቀቲሎም ። 11) ብ ዕለት 02 ለካቲት 1975 ነቲ ብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባር ዝተገብረ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ኢቶጲያ (103) ሰላማዊ ህዝቢ ኣብ **ወኪዱባ** ቀቲሎሞም። 12) 09 መጋቢት 1975 ኣብ ከተማ **ኣቁርደት፡** (258) ሰለማውያን ህዝቢ ረሺኖም። 13) ብ ዕለት 17 ምያዝያ 1975 ኣብ **ሕርጊጎ** ኣስታት (470) ተቀቲሎም 14) ብ ዕለት 1975 ኣብ ከተማ **ኦምናሓጀር** (250 )ማሽንጋን ገይሮም ረሺሾሞም። 15) ብ ዕለት 30 ታሕሳስ 1976 ኣብ **ሕርጊጎ** (105) ተቀቲሎም 16) ብዕለት 19 ጥቅምቲ 1985 ኣብ **ሞጋሪብ** (39) ተቀጢሎም። 17) ብ ሚያዝያ 1988 ኣብ ከተማ **ኣቁርደት** ብናይ ኣየርብሎን ደብዳብ (50 **ተጋደልቲ**+3 **ሰለማውያን ህዝቢ**) **ተቀቲሎም።** 18) ብዕለት 05 ታሕሳስ 1988 ኣብ **ሽ-ባሕ** መብዛሕቶም ኣሳብኡት ንሕርሻ ወፊሮሙሉ ኣብዝነበሩ ግዜ (400) መብዛሕቶም ደቂ ኣንስትዮን ቆልዑን ተቀቲሎም። 19) ካብ ዕለት 3-4 ምያዝያ 1990 ኣብ **ኣፍዓበት** ናይ ኣየርፕለን ዝተካየደ ደብዳ ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ህዝቢ (67) ኽቐተሉ እንኮለዉ (125)ተወጊኦም። 20) ብዕለት 24 ምያዝያ 1990 ኣብ ከተማ **ባጺዕ** ናይ ኣየርፕለን ደብዳብ (Cluster bombs) (weapons of mass destruction) ብምጥቃም (50) ኽቅተሉ እንኮለዉ (110) ከቢድ መህሰይቲ ወሪድዎም። 21) **ዓድ ኢብራሂም** 1967 ቡዙሕ ግፍዕታት ዝተፈጸመላ ብዙሓት ከምዝተቀትሉ ቁጽሮም ብልክዕ ኣይረክብናን ኣለና።

ብሓፈሽኡ ኣብ ከበሳ ይኩን ኣብ መታሕት ብብዝሒ ቀልዑን ደቂ ኣንስትዮን ከይተረፉ ብኣርመናዊ ኣገባብ ክቅተሉ እንኮለዉ፡ ንብረቶም ክቃጸል እንኮሎ ነተን ጥሪት ካብ እተፈላለይ ዓድታት ዝተዘምታ ገሊኤን ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ብጥራዩ ክዕደላ እንኮለዋ እተን ዝተረፋ ብሓንቲ ቅርሺ ንህዝቢ ይሸየጣ ነይረን። ኣብዚ ኽርሳዕ ዘይካኣል ብዙሓት ሃገራውያን ኤርትራውያን ካብ ኣሕዋትና ዝተዘመታ ጥሪት ኣይንበልዕ ኣይንገዝእ ኢሎም ዝኣበዩ ውን

ውሑዳት ኣይኮኑን። ከም ውጺኢት ናይዚ ከሉ ግፍዕታት መብዛሕቶም ካብዞም ዓዶም ዝነደዱ ኣብ 60ታት ንሃገሮም ገዲፎም ንሱዳን ተሰዲዶም፣ ድሕሪ ናጽነት ውን እንተኮነ ንከይምለሱ ብህግደፍ ተከልኪሎም ይርከቡ።ስለዚ የሰፍ ገብሪሂወት፣ ስርዓት ሃይለስላሰን ይኩን መንግስቱ ወላ ውን ህግደፍ ዕላመኦም ህዝቢ ኤርትራ ምጽናት ኢዩ። ከማካ ዝኣመስሉ ናይዞም ካብ ሃገሮም ዝተሰዱ ጥሪት እንዳ ተኣንገድኩም ዝዓብኩም ብርግጽ ጹቡቅ ነርና ክትብሉ ኣይተጋገኩምን። ኣብ ግዜ ሃይለስላሰ እቲ ዝከፍኤ ጥምየት ንዓለም ዘሰካሕከሐ እንዶ ኣይኮነን ነይሩ። ስለዚ መግዛእቲ መግዛእቲ ኢዩ፣ ሃይለስላሰ ይኩን መንግስቱ ኩሉ ግዜ ባዕዳውያን ኢዮም። ንሃገሮም ዘይኮኑ፣ ንህዝቦም ዘይሓለዩ፣ ንኤርትራውያን ይሕሹና ምባል፣ ውልቃዊ ረብሓን በለጽን እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ትርጉም የብሉን። ኣብታሕቲ ዘሎ ስእሊ ንመልከት!!




ከምኡውን ካልእ ኣገዳሲ ኣብዚ ከይጠቀስኩዎ ክሓልፍ ዘይደሊ፣ ልዕላውነት ናይ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ናይ ህግደፍ ክሳብ ዘላ ኩሉ ግዜ ኣስጋኢ ኢዩ። ሓይሊ ህዝቢ እንተዘይዓግቶም፣ ኢሰያስ ከምቲ ትምኒቱ እንተዝኮነሉ ቀደም እሱ ዝመርሓ ዓባይ ኢትዮጵያ ገይርዋ ምሃለወ። ብ ዕለት 02 ምያዝያ 2018 ኣቢ ኣሕመድ ኣብ ስልጣን ዝመጸሉ እዋን ውን እንተኮነ፣ኢሰይሰ፣ ኣይከሰርናን፣ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክልተ ሃገር ክምዘይኮና ነጊሩና ኢዩ።ስለዚ ነዚ ኣንድነታዊ ዕላማ ብሱቱር ኣገባብ ‘ዘገም’ እንዳበለ ኣብ ባይታ ይትግበር ኣሎ። ብዕለት 30 መጋቢት 2021 ኣምባሳደር ዲና ሙፍቲ ሓላፊ ናይ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ ሓድሽ ነገር ዝበሎ የለን።እንታይ ድኣ ብዕለት 3 ሕዳር 2020 ዝጀመረ ሕድሕድ ኩናት ኢትዮጵያ፣ መርገጽ ናይ ኤርትራውያን ስለተፈላለየ፣ ግብረ መልሲ ናይ ህዝቢ ኣብ ምንታይ ኩነታት ከምዘሎ ንምፍላጥ ዝፍንዉዎ ኢዩ። ተወሳኺ ናይዚ፣ ኣኽረርቲ ናይ ኣንድነት ንነዊሕ

ዓመታት ብጻዕቂ እንዳ ሰበኩ ዝመጹ፣ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘናሸዉ ካብ ሃለዉ፡ ዲና ሙፍቲ ኮምኡ ኢሉ ክዛረብ ውን ዘገርም ኣይኮነን። ድሮ እኳ ረዚን ሃብተ ነዚ ጻዊዒት ናይ ዲና ሙፍቲ ደገፉ ብምግላጽ ቡዙሓት ኣንድነታውያን ከምዘለዉ መርገጹ ነጺሩ ኣሎ። ብ 15/ ሚያዝያ/2021 ጋዘጠኛ ተድሮስ መንግስቱ ቃል ማሕተት ዝገበሮ ምስ ጋዜጠኛ ኣማኒኤል ኢያሱ ኣመሓዳሪ ሬድዮን ቴሌቪዥን ኣሰና፡ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ክይኑ ንዝቃለስ ህዝቢ ኤርትራ ትድግፍን ተወሃህድን ትሽዓተ(9) ዝኣባላታ ጉጅለ ተመስሪታ ክምዘላ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብገለ ኤርትራውያን ረብሓና ምስ ኢትዮጵያ ወይ ትግራይ ኢዩ ዝብሉ ነቲ ናይ ቡዙሓን መራክቢ ዓብሊሎም ንቡዙሓት ኤርትራውያን ኣብ ምድንጋር ተዋፊሮም ይርከቡ። ሓደ ካብኣቶም ኣዚየ ዘድንቅ ጸሓፋይን መዳራይን እንተሎ የሰፍ ገብሪሂወት ኢዩ። የሰፍ ገብሪሂወት ኣብ ኣዝማሪኖ ዘውርዶ ዝነበረ ጹሑፋት ይኩን ኣብ ፓልቶክ መጺኡ ዝህቦ ፖለቲካዊ ትንተና፡ ንነዊሕ ዓመታት ኣንድነታዊ (ፕሮጀክት)ዝኣመተ ምንባሩ ብእዋኑ ብሩህ ኢዩ ነይሩ። በዚ ፍልሰፍና ድሒሮም ዝመንጨው ክምባዓል ብሩህ መጻኢ፡ ኣጋዚያን፡ ትግራይ ትግሪኚ ፍርያት ናይ የሰፍ ገብሪሂወት ክበሃል ይከኣል።

ድሕሪ ውድቀት ናይ ወያነ ዝተወሃሃደ ስራሓት ኣብ መንጎ ገለ ኤርትርውያንን ትግራዎትን፡ ክም ትግራይ ሚድያ ሃውስን (TMH) ካሎኦትን ኣጸያፊ ዝኮነ ሃይማኖታዊ ሓዘል ዱሑር ዝምባሌታት ተጠቒሞም ንኤርትራውያን ናይ ምፍልላዮም ሜላ ዝዓለመ ፈተነ፡ ብግብረ መልሲ ናይ ኤርትራውያን ቀሂሙ ተሩፉ። የሰፍ ገብሪሂወት ኣብ ተፈላለየ መራኽቢ ቡዙሓን ብፍላይ ኣብ (Tigrai Media House) ክምኡ ውን ምስ ሰላም ኪዳነ ዝገበሮ ቃል መሕተት፡ ካብ ኣንድነታዊ ኣተሓሳስባ ስለዝብገስ እቲ ኑቡር ናብራ ኣብ ግዜ ሃይለስላሰ ጥራይ ነይሩ ነይሩ ኢዩ ዝብል። <u>ገለ ካብተን ኣገደስቲ ቃል መሕተት ምስ ሰላም ኪዳነ ዝገበሮ ብክምዚ ኣገባብ ይጠቅሰን።</u>

''*Golden age of Asmara ዝባሃል ኣብ ግዜ ሃይለስላሰ ጥራይ ኢዩ ነይሩ ቅድሚኡ ውን ኣይነበረን። እቲ ኢንዳስትሪ ውን እንተኮነ ገሊኡ ብሃለስላሰ ዝተሰርሐ ኢዩ። ካ ስልጣኑ ክሳብ ዝወርድ ሃይለስላሰ፡ እዚ ኩሉ ግፍዒ ዝግበር ዘሎ ሎሚ ኣብ ኣስመራ ዘዝተወልደ ሃጽ ኢሉ ዝጠፍእ ዘሎ ጨሪሹ ኣይነበረን። ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዘለዋ ከተማታት ሃገርሰባት ኣሽሓት ብብሽክለታ ገይሮም ኣብ ህንጻታትን ፋክቶሪታት ይስርሕ ነይሮም ። እቲ ህዝቢ ኑቡር ናብራ ይነብር ነይሩ፡ <u>ኣብ ግዜ ሃይለስላሰ መግዛእቲ ኣይነበረን</u>፡ ምግዛእቲ ምስ ሻዕቢያ ኢዩ መጺኡ''። ካብዚ ቀጺሉ ነዘን ኣገደስቲ እየን ዝበለን ነጥብታት ይገልጽ፡*

- **ቀዳማይ**: ኣብ ትግራይ ዝተገብረ ግፍዕታት ኣብ ክንዲ ነቲ ገባርን ሓዳግን ዝኮነ ስርዓት ህግደፍ ዘስክሞ፡ ንሰራዊት ኤርትራ ብ Genocide ይከሶ።

- **ካልኣይ**: የሰፍ ገብሪሂወት ንሰራዊት ኤርትራ ክገልጾ እንኮሎ፡ *' ኣርመን ዝኮነ ሰራዊት 'ግፍዒ ዘካይድ፡ ኣዋልድ ምዕማጽ ኣይገደፍ፡ሰርቂ ኣይገደፍ፡ሃገር ዘቃጽል፡ ዓማጺ፡ ንህዝቢ ትግራይ ከምዝፈናቀልን ክምዝጠሚን ዝገበረ፣ እዚ <u>ሰራዊት እዚ ጥፍኣትን ስዕረትን ኢካ ትምነየሉ</u> ይብል። ካብኡ ቀጺሉ እዚ ኩሉ ገበናት፡ ከም ናይ (Nazi Germany) ኣብ ልዕሊ ኢስራኤላውያን ዝገበርዎ ጀኖሳይድ ( Genocide) ወይ*

ድማ ክምናይ ሩዋንዳ (Rwandan)ነቲ ኣብሞንጎ Tutsi and Hutu ዝተኻየደ Genocide *ተግሂሉ ኢዩ ኣብ ኤርትራ ክምዝገብ'' ይብል ኮታስ ሰራዊት ኤርትራ ካብ ቦኮ ሓራም ይከፍኡ ብምባል ይገልጽ ።*

- **ሳልሳይ፡** ህዝቢ ኤርትራ እቲ ዝበዝሔ ኣስላም ስለዝኮነ፡ ቡኡ መጠን እቶም ሰራዊት ናይ ኤርትር ዝበዝሑ ኣስላም ኢዮም ፣ መብዛሕቶም ሓለፍቲ ድማ ካብ ከበሳ ትግርኛ ሙኻኖም ይገልጽ። በባህልኡ ድማ ኩሉ እቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈጸመ ግህሰታት ግፍዕን ቡቶም ኣስላም ዝተፈጸመ ሙኻኑ ንምግላጽ ዝዓለመ ኢዩ ።
- ***ራብዓይ፡*** የሰፍ ገብሪሂወት ኣብ ኤርትራ ዝበዝሑ ኣስላም ምኳኖም ከም ጭብጢ ዘቕርቦ እንተሎ እቲ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት (ዓሊ ሳላም) ከምኡ ኢሉ ጸሒፉ ነይሩ ብምባል ከም መርትዖ ዘቕርቦ ዘረባ ኢዩ ።

ኣብዚ ተሃዋሲ ዝኮነ ኩነታት የሰፍ ገብሪሂወት ካብ ግዜ Romantazizing ገድሊ ክሳብ ሕድሕድ ኩናት ኢትዮጵያ ዝህቦ ዘሎ ሪእትኡ ኢልካ ዝሕለፍ ኣይኮነን። መሰል ናይ ምዝራብ ኩሉ ግዜ ሕሉው ኢዩ፡ ሕጂ ግን ድሕሪ ፍሽለት ናይ ወያነ ዝመጸ ናይ ኣእምሮ ጭንቀት፡ የሰፍ ገብሪሂወትን (ትግራይ ሚዲያ ሃውስን) ናብ ረዲዮ ርዋንዳ ተቀይሮም ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ሕድሕድ ኩናት ዝዕድም ዘረባታት ኽውርውሩ ክምዝቀነዩ ኩሉ ተዓዚብዎ ኣሎ። ካብዚ ብምብጋስ ኣስላም ይኩኑ ክርስትያን ፈጺሞም ብዝኮነ ግፍዒ ተሓተቲ ኣይኮኑን። ኽልቲኦም ኣስላምን ክርስትያንን ኣደዳ (Victim) ናይ ህግደፍ ጥራይ ዘይኮኑስ ብኣልማማ ይጸንቱ ውን ኣለዉ። የሰፍ ገብሪሂወት ፍልይ ኣቢሉ ናብ ኣስላም ዝተኩረሉ ዘሎ ምክንያት ርዱእ እኳ እንተኮነ፡ ነቲ ብወያነ ዝተገብረ ወራርን ግፍዕን፡ ሓንቲ ማዓልቲ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ተደናጊጹ ኣይፈልጥን። በንጻሩ እኳ ድኣ እዝኩሉ ዓመታት ኣብ ምንሻው ኢዩ ኣሕሊፍዎ። ስለዚ ብዛዕባ የሰፍ ገብሪሂወት ኣገዲሱኒ ዘይኮነስ፡ ነቲ ግፍዒ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዝነበረ ኣብ ግዜ ሃይለስላሰ ጽቡቅ ክምዝነበርና ምግላጹ ከይኣክል ሕጂ ካኣ ነዚ ኣብ ትግራይ ዝግበር ዘሎ ግፍዕታት ፈሊካ ንኣስላም ምስካምን ብ **ደረጃ** Genocide **ኽክሰሱ ክምዘለዎም** ንዝገብርዎ ዘለዉ ጻዕርታት፡ እቲ ኣብ ኣርባዓታት ዝፈሸለ ፈላሊካ ግዛእ ዝብል ዕላማ ሎሚ ተመሊሶም ንእሸተይ ጨዳድ ተጠቂሞም ናብ ኣርባዓታት ሒዞሙና ኽንዓዙ ላዕልን ታሕትን ኽብሉ ንዕዞቦም ኣለና።

ንሕና ንፈልጦ ህዝቢ ኤርትራ ብስንኪ ምሕደራ ህግደፍ ካብ ስደት ኣቋሪጹ ኣይፈልጥን። ቅድሚኡ ውን እንተኮነ እቲ ኣስላማይ ካብ 60ታት ኣትሒዙ ሰደት ኣይቛረጸን።**ካላኣይ፡** *መንግስቲ ኤርትራ* (National Census) ኣካይዱ ኣይፈልጥን ኢዩ፡ እቲ ኩሉ ግዜ ዝንገረና 50% ኢዩ። ስለዚ እዚ (National Statistics) ካበይ ዘምጻእኽሞ ኢዩ?። ስርዓት ህግደፍ ብዘይ ውግእ ክነብር ስለዘይኽእል፡ መሰረታዊ ዕላምኡ ህዝቢ ኤርትራ ምጽናት ስለዝኮነ፡ ንኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ዘይምልከተና ውግእ ከም፡ የመን፡ ጁቡቲ፡ ሱዳን፡ ዛየር፡ደቡብ ሰዳን፡ኣብ ሶማልያ፡ ብዓብዩ ምስ ኢትዮጲያ፡ ኣብዚ ኩሉ ኩናት ክንሳተፍ እንኮለና ኣብ ጎድኒ ኣሕዋቶም ክርስትያን ክንደይ ኣሻሓት ኣስላም ከምተሰዉኡ ትኽሕዶ ኣይመስለንን። የሰፍ ገብሪሂዎወት፡ ኣብ

ኤርትራ ዘሎ ስልጣን መን ኢዩ ገባሪን ገዳፊን ባዕልካ መሊስካዮ ኣለካ። ኣብ ትእዛዝ ምሃብ ኣስላም ሓላፍነት ከምዘይብሎም ምስኽርነትካ ሂብካ ኣለካ። ስለዚ ኣብ ስልጣን ዘየለዉ ብፍጹም ኣብ ዝኾነ ናይቲ ሃገር ብርኪ ውን ከምዘይብሎም ትኽሕዶ ኣይመስለንን። ዩሰፍ ገብሪሂወት ህዝቢ ኤርትራ ብኣልማማ ይጸንት ከምዘሎ ዓለም ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ሎሚ ኣብ ዓለምና ኤርትራ ቀዳመይቲ ብብዝሒ ህዝባ ዝስደድን ዝጸንትን ሃገር ኮይና ኣላ። ብርግጽ ክርስትያን ኣብ ኤርትራ ተረባሕቲ ኣይኮኑን፡ ኣስላም ውን ፈጺሞም ሓለፋ የብሎምን።

ካብ ኣገላልጻ ዮሰፍ ገብሪሂወት ኣስላም ብስርዓት ህግደፍ ኣይተተንከፉን፡ ኩሉ ግፍዕታት ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ኢዩ ዝወርድ ነይሩ ዝብል መልእኽቲ ኢዩ ዝመሓላልፍ። ከምኡ ስለዝኾነ ህግደፍ ኣስመራ እትው ምስበለ 150 ናይ እስልምና መማህራን ኣሲሩ ዝቀተሎም፡ **ካላ'ይ፡** ምስ ናይ ጉዳይ G15 ዝተኣሰሩ፡ ማሕሙድ ሸሪፎ፡ ሓምድ ሑመድ፡ ሳልሕ ኢድሪስ ከኪያ፡ ካሎኦት ተመሳሳሊ ሕቶ ዘልዓሉ ክም ኢድሪስ ኣባ ዕረ፡ ጣሃ መሓመድ ኑር ካሎኦትን ኣስላም ዝለዝኮኑ ምሕረት ዶ ተገይርሎም ኢዩ። **ሳልሳይ፡** ብሽም ምንቅስቃስ ናይ ፎርቶ ብ ወዲ (ዓሊ ሕጃጅ) ዝፍለጡ፡ ካብ ኩሉ ክንሶም፡ ናይ ኣስላም ምንቅስቃስ ኢሉ ዝቀንጸሎም፡ ከም ባዓል ዓብደላ ጃብር፡ ሙስቶፋ ኖርሒስን፡ ውዲ ሓጂ፡ ካሎኦትን፡ ኣስላም ዶ ኣይኮኑን። ነዚ ናይ ወዲ ዓሊ ምንቅስቃስ ናይ ኣስላም ምንቅስቃስ ኢሉ ክስመ እንኮሎ፡ ዮሰፍ ገብሪሂወት፡ ጥባሕ ጥባሕ ዝብል ኣየዘካኽረካን ዶ ንምኳኑ? **ራባዓይ፡** ኣብ ናይ ሰውራ ኣክርያ፡ ሰዉእ ሸኽ ሓጂ ሙሳ ካሎኦት ንመሰሎም ጠጠው ዝበሉ ምሕረት ዶ ተገይርሎም ኢዩ?፡ ሹዑ ዝተኣሰሩ መናእሰያት ክሳብ ሕጂ ተሰዊሮም ኣለዉ። **ሓምሻይ፡** ኣብ ሰመናዊ ኣኮሎግዛይ፡ ብስርዓት ህግደፍ ዝተገብረ ናይ ምጽናቶም፡ ብሄሎኮብተርን፡ ታንክታትን፡ ኣይሮብለንን፡ ኣስላም ዶ ኣይኮኑን። ብዙሓት ዓድታት ነዲደን፡ ህዝቢ ኣፎቀዶ ከባቢታት ከምባዓል ሰገነይቲ ተሰዲዱ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ለማኒ ኮይኑ ይነብር ኣሎ።

ዮሰፍ ገብሪሂወት እቲ ግፍዕታት ኣብ ልዕሊ ኣስላም ይኩን ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ስርዓት ህግደፍ ይኩን ወይ ክምዚ ከማካ ዕላማኩም ኑጹር ኣንድነት ስለዝኮነ ነዞም ክልተ ኣመንቲ ክርስትናን እስልምናን ከተሳዉርዎ ህርግድ ትብሉ ዘለኩም፡ ውጺኢቱ ከምቲ ናይ ሃለስላሰ ፍሽለት ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣይክሰርናን ምስ ተባህለ፡ ጥባሕ ጥባሕ ምስተባህለ፡ ክሳብ ትማሊ እውን ዲና ሙፍቲ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ኣየብዕልን ምስበለ፡ ብህዝቢ ኤርትራ ዝተዋሃበኩም ግብረ መልሲ ተማሂርኩም ክትኮኑ ተስፋ ንገብር። እንተ ህዝቢ ትግራይ ናይ ዘልኣለም ጎረበት ህዝቢ ኢዩ፡ ኩሉ እቲ ኣብልዕሊ ሰለማዊ ህዝቢ ዝወርድ በየናይ ሸነክ እዩ ብዘየገድስ ብትሪ ይኩንን፡ ካብዚ ዘለዉዎ ወጺኦም ኣብዝሓሸ ኑቡር ሂወት ተመሊሶም፡ ብሸነክና ውን ካብዚ ምልካዊ ስርዓት ተገላጊልና፡ ከም ክልተ ጎረባብቲ ኣህዛብ ሰናይ ጉርብትና ክንፈጥር ምኳና ዘጠራጥር ኣይኮነን። እንተ እስካትኩም እንተኮነ ድሮ ውን ህዝቢ ትግራይ ከዒብኩም ኣብ ጉዳይና ኢድኩም ኣይተእትዉ ይብለኩም ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግዜ ሰውራ ንናጽነቱን ሓድነቱ ኣረጋግጹ ዝተሰወኤ ኣብ ሓደ ጉድጓድ ዝተቀብረ ህዝቢ ኢዩ። ኤርትራ ህያብ ዘይኮነትስ ብቡሉጻት ደቃ ብናይ ኣሽሓት መስዋእትን ስንክልናን ዝመጸት ሃገር ኢያ። ህዝቢ ኤርትራ ረፈረንዶም ገይሩ 99.8% እወ ንናጽነት ዝበለ ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብሰማይን፡ ባሕርን መሬትን፡ ተደብዲቡ ካብ ሮሞጾ ወጺኡ ታሪኽ

ዝሰርሖ ኢዩ። ስለዚ ሉዕላውነት ሃገሩን፡ ሓድነት ህዝቡን ንምርግጋጽ፡ ኣብ ኩሉ ጎቦ፡ ሩባ፡ ባሕሪ፡ ስንጭሮ፡ ወረዳ፡ ከተማ፡ ኣውራጃ የዕጽምቱ ዝተነስነሰን፡ ደሙ ዝፈሰሰን ኢዩ። ስለዚ እዚ ናይ ፈላሊካ ግዛእ ዝብል ሜላ ንኤርትራውያን ሓዲሽ ኣይኮነን፡ ከም ኮቦሮ ኣብ ተፈላለየ ግዜ ዲም ዲም ዲም ክብል እዝንና ኣጽሚመናና ኢየን።  እዚ ቶንኮላት ውሽጣዊ ይኩን ግዳማዊ ተጻብኦታት፡ ኣብ መንጎ ስርናይ ክርዳድ ስለ ዘሎ፡ መሳሪሒ ናይ ባዕዳዊ ኮይኖም ዘገልግሉ ኩሉ ግዜ ምሳና ክህልዉ ኢዮም። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ኩሉ ግዜ ከም እሾኽ በለስ ብምሮጦ ገይሩ ካብ ምውጾኦም ዓዲ ወዒሉ ኣይፈልጥን። ስለዚ ሎሚ ጥባሕ ጥባሕ እንተበልኩም፡ ጽባሕ ከም ኣመልኩም ሕብሪ ቀይርኩም ክትመጹ ሙኻንኩም ውን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ ግዜ ሃይለስላሰ፡ ኣብ ግዜ መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ኣብ ግዜ ህውሓትን ፈደራላዊ መንግስቲ ኢ.ይትዮጵያ፡ ሕጂ ከኣ ናይ ብልጽግና ፓርቲን ፈደራላዊ መንግስቲ ኢ.ይትዮጵያ፡ ኩሎም ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘለዎም መርገጽ ዝተቀየረ የለን። ኩሉም እኳ ድኣ ካብ ግዜ ሃይለስላስ ኣትሒዝካ ምስዚ መሪሕነት ናይ ኢሰያስ ተሰማሚኢ.ያም ኣብ ምጽናት ናይ ኤርትራውያን ዓቢ እጃም ኢዩ ዘሎዎም። ኩሉ ግዜ ንምጽናትና ይሰማምዑ፡ ኢትዮጵያ መን የመሓድራ ኣብ ምምራሓ ድማ ነንሕድሕዶም ብዋጋ ሰላማዊ ህዝቢ ከመናጨቱ ጸኒሖምን አለዉን።  ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሽኡ ጎረቤት ህዝቢ ኢዩ፡ ከምቲ ምስ ሱዳን ጅቡቲ ዘለና ሰናይ ጉርብትና ምስ ኢትዮጵያ ውን ኣብ ምክብባር ናይ ልዕላውነት ሃገር ዝተመስረተ ዝምድና ክህልወና ናይ ኩልና ረብሓ ኢዩ። እቲ መሰረታዊ ዘላቂ ሰላም ዘምጽእ ኣብ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት፡ መሰል ህዝቢ ዝሕለወሉ፡ ዲሞክራሰን ፍትሕን ቅዋምን ዝሰፍነሉ

ምስ ዝኮውን ነቲ ናይ ኤኮኖሚ ስምምዕ ውን ኣብ ዝላዓለ ምዕብልና ክሰጋገር ዝካኣል ኢዩ። ኣብዚ ኢትዮጵያውያን ካብ ሕሉፍ ተመክሮኦም ውግእን ጸረ ውግእን ምጽሕታር ኣተሓሳስባ ወጺኦም ብሰለማውን ብስምምዕን መንፈስ ክረኽብዎ ዝክእሉ ብዝያዳ ቀንዲ ተጠቀምቲ እሳቶም ኾኮኑ ይኽእሉ ኢዮም። ናብዚ ደርጃ ሰላምን ቅሳነት ሰናይ ጉርብትና ዘለዎ ሃዋሁ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንኽፍጠር ስልጣን ናይ ህዝቢ ስለዝኾነ፣ ነቲ ን30 ዓመታት ምእንቲ ነጻነቱ ተቃሊሱ ሎሚውን ንሓርነቱ ዝቃለሰ ዘሎ ደላይ ፍትሒ ኣብ ጎድኑ ኮንኩም ደገፍኩም ክትገልጹ፡ ንመጻኢ ውሕስነት ናይ ሰላምን ቅሳነትን ፍትሕን ዲሞክራሰን ዘረጋግጽ ሓይሊ ስለዝኮነ ሎሚ ምእንቲ ረብሓኩም ደገፍኩም ክትገልጹ ዝሓሸ ኮይኑ ይስማዓኒ።

ካብዚ ሓሊፈ ግን ስቃይ ናይ ህዝቢ  ብኽሉ ሽነክ ካብዚ ዘሎ ናብ ዝባኣሰ ክሰጋገር ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብዚ መዳይ ውን ሓድነት ናይ ኢትዮጵያ ኣዚዩ ኣብ ሓደጋ ክወድቅ ሙኻኑ ብዙሕ ኣብነታት ይቀላቀሉ ኣለው። ኣብ መጨረሻ ኣብ ቀርኒ ኣፍርቃ ተሓሪሙ ዘሎ መሰል ደቂሰብን ፍትሕን ዲሞክርሰን ምእንቲ ክሰፍን ሓቢርና ንቃለስ።

**ኣንዋር ኢብራሂም**

**<u>ገለ ካብ ሰነዳት ናይዚ ኩሉ ግፍዒ ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ተመልከቱ።</u>**

Please copy and paste the link

1) <u>Crimes of the Ethiopian Army in Eritrea. 1967 part of Hazemo Massacres</u>

https://www.facebook.com/103961908334547/posts/135339491863455/

2) **ዝወዓለ ይንገርካ ከቢድ መስዋእቲ ምስያም ንምእንቲ ናጽነት ኤርትራ**
https://youtu.be/3LHCzIFFBnU

3) **ዮሴፍ ገብርሂወት ኣብ አዋናዊ ጉዳያት ኤርትራን ትግራይን** YOSIEF GEBREHIWET & SELAM KIDANE ON TIGRAY AND ERITREA

https://www.youtube.com/watch?v=nF5Zu9YmNqw

4) **ምውህሃድ ኤርትራዊ ሓይሊ - ኣብ ጎኒ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ**
ttps://www.youtube.com/watch?v=pKiYfMEDTSk